# ፩ይ ሰንበት ዘአስትምህሮ (ዘቅድስት)

(18 ኅዳር 2015 ዓ.ም. (11/27/2022)

"ክብርን ምስጋናን ንአምላኽና ይግባእ"

**መዝሙር፡** ሎቱ ስብሓት ወሎቱ አኮቴት.... ነቲ ንሰንበት ዝቀደሰ ንሱ ዘይነበረሉ ጊዜ አይነበረን ወዲ አምላኽ ክርስቶስ ንሱ ዘይነበሮ ጊዜ አይነብረን ንአኡ ክብሪ ይግብኦ። ንሰብ ብአርአያኡ ፈጠሮ ኩሉ አብ ኢዱ እዩ፥ ንሰማይን ምድርን ይገዝእ፥ ከም ዝደልዮ ገበረ አምላኽ ወዲ እግዚአብሔር።

**ንባባት፡** ፩ቆሮ 1፡3-9፤ 1ጴጥ 2፡17-ፍ፥ ግ.ሓ.10፡44-ፍ፥ ሉቃ 17፡11-19

**ምስባክ፡** ኩሉ ዘፈቀደ ገብረ እግዚአብሔር፥ በሰማይኒ ወበምድርኒ፥ በባህርኒ ወበኩሉ ቀላያት። እግዚአብሔር ኩሉ ዝደለዮ አብ ሰማይን ምድርን አብ ባሕርን አብ ኩሉ ቀላያትን ገበረ መዝ. 135፡6።

አብ ዝሓለፈ ኃሙስ አብዚ ዘሎናዮ ሃገር Thanksgiving Day ኃሙስ መዓልቲ ምስጋና ኢሎም ንአምላኽ በቲ ዝገበረሎም ዘመስግኑላ ዕለት ዘኪሮም የብዕሉ። አጀማምርኡ ቀዳሞት ፈላስያን ካብ ኤሮጳ ዝመጽኡ አብዚ ሃገር ምስቶም ደቀባት ህንዳውያን ብዝብል ዝፍለጡ ብሓባር ነቲ ኹሉ ዝገበረሎም አምላኽ ዘመስገኑላ ዕለት እያ። ሎሚ ግን ንአምላኽ ዘመስግኑላ ዕለት ክትብላ ከቢድ እዩ ሰብ አብ ዓለማዊ ነገር አድሂቡ ዳርጋ መተአኻኸቢ ስድራ ቤት ጥራሕ ኮይኑ አሎ። አምላኽ ዘመስግኑ ውሑዳት እዮም። እሞ ሎሚ ንአምላኽ ክነመስግን ግቡእ እዩ።

አብ ሃገርና እውን ሎሚ ድአ እቲ ክራማት ውሒዱ ሰላም ተሳኢኑ እምበር ቀውዒ ዝውድአሉ ታሕሣሥ ዝጅምረሉ ስለ ዝኾነ ሰብ ምህርቱ ሓፊሱ ንአምላኽ ዝዝክረሉ ካብቲ ከቢድ ሥራሕ ቀውዒ አዕሪፉ ተመስገን ዝብለሉ እዋን እዩ። ሰብ ንአምላኽ ከመስግን እንተ ኸአለ ርእዩ ክኢሉ አሎ ማለት እዩ። ንዝተገብረልና ርኢና ክነመስግን ግቡእ እዩ። አምላኽ ብዝተፈላለየ መገዲ ፍቕሩ ሓልዮቱ አርእዩና አሎ ሎሚ እውን ተመስገን ክንብሎ ይግባእ።

አብ ሓደ ዝንገር ታሪኽ ክልተ ሰባት አብ ግራውቶም እናኸዱ እንከለዉ ሓደ ህጣራ ብዕራይ ጠኒኑ ክወቕዖም ክመጣላዕ ረአይዎ እሞ ቀልጢፎም አብቲ ጥቕኦም ዝነበረ ሓጹር እናጎየዩ ሃዲሞም። እቲ ብዕራይ ብሓይሉ እናጠሓረ ሰዓቦም እሞ ከምዘየምልጡ ምስ ረአዩ ሓደ ክብኦም ብፍርሒ እናአንቀጥቀጠ ዓው ኢሉ ዮሓንስ ጸሎት ግበር ክንድሕን ኢልዎ። ዮሓስን ዝተባህለ ከአ ክገብር አይክእልን እየ አብ ሕይወተይ ብሓባር ወይ አብ ቅድሚ ካልኦት ጸሎት ገረ አይፈልጥን እየ ኢሉ መለሰሉ። እናደፋፍአ እቲ ብዕራይ የርከብና እዩ ዘሎ ክትግብር አሎካ በለ እቲ ካልአይ። ዮሓንስ ሕራይ በለ እናበለ አቦይ አብ መአዲ ክንቅረብ እንከሎና ኵሉ ጊዜ ዝደግማ ዝነበረ ጸሎት አላ ንአአ ክደግም እየ በሎ። ኦ ጎይታ ነዚ ክንቅበሎ ዘሎና ብሓቂ ከም እነመስግን ግበረና እናበለ ጸለየ ይብሃል።

ንባባትና አብ ምስጋና ዘተኮሩ እዮም፥ በዚ ኸአ ነፍሲወከፍና አመስገንቲ ክንከውን ከምዘሎና የዘኻኽሩና። እዚ ክንብል ከሎና ኩሉ ዘሎና፥ ኵሉ ህላዌና ብርእሱ ባዕልና ዘምጻእናዮ አይኮነን፥ ካብቲ ፈቃር አምላኽ ብነጻ ካብ ፍቕርን ሕያውነትን ተበጊሱ ዝሃበና እዩ።

ምምስጋን ቀንዲ ማእከል ድሕነት እዩ። ድሕነት ክንብል ከሎና ክልተ ክፍሊ አልአ። ፩ይ ክፍሊ ወርቂ እቲ ፪ይ ክፍሊ ኸአ ነሓስ ክንብሎ ንኽእል። ወርቂ ክንብል ከሎና እቲ ክቡር ናይ አምላኽ ተግባር እዩ፥

ንሱ ኸአ ንኹሉ ዝግበር ጀማሪ ምንጪ እዩ ሓሓደ ጊዜ “ጸጋ ንብሎ”። ኣብ መጽሓፍ ሲራክ 5፡22-24 ዘሎ እንተ ኣንበብና ኣምላኽ ጀማሪ መበቆል ናይ ኩሉ ጽቡቕ ነገር ከምዝኾነ ንርኢ። ነቲ ኣብ ኵሉ ቦታ ዓበይቲ ነገራት ዝገበረን፥ ካብ ንውለድ ጀሚሩ ዘኽበረናን፥ ብምሕረቱ ዝናበየናን ኣምላኽ ኵሉ ፍጥረት ኣመስግንዎ (ሲራክ 50፡22) ይብል እሞ ነቲ ዝበለጸ ህያብ ይጠቕስ፥ እዚ ህያብ ንኹሉ ካልእ ህያባት ከም እንረክብ ይገብር። ቀጺሉ ኸአ ኣምላኽ ንሰባት ካብ መጀመርያ ኣብ ከርሲ እንኦም ከለዉ የኽብርና እሞ ከምቲ ድላዩ ኸአ ይቀርጸና ይብል። ኣምላኽ ንዓለማት ፈጢሩ ፍጥረት ደቂ ሰብ እቲ ዝበለጸ ክፍሊ ዓለም ወይ ህዋ እዩ። ኣምላኽ ኣብ ዓለም ከም እንመጽእ ዝገበሮ ውሳኔን እሞ ኣብ ሓዲስ ልደት ክንረክብ ዝጸውዓና ጽሩይ ወርቂ እዩ። እዚ እቲ መጀመርታን ቀንዲ ኣድላይን ክፍሊ ድሕነትና እዩ። እቲ ፪ይ ክፍሊ ነሓስ እዩ። ከምቲ ቀዳማይ እኳ ክቡርን ዝበለጸን ኣይኹን እምበር ኣድላዪ እዩ። ንሱ ኸአ ግላዊ መልስና ኣብ ድሕነትና እዩ። ኵልና ብሕብረት ንኣምላኽ ክነምስግን ንዅሉ ቀጺልካ እትህበኒ ፍቕርኻ ኣመስግነካ ኣሎኹ ንበሎ።

በረኸት ኣምላኽ ብዙሕን ደረት ዘይብሉን እዩ፥ ግን ዝዓበየ ህያብ ኣምላኽ ዝሃበና ህያብ እቲ ሓደ ወዱ ጎይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብእኡ ድሕነትን ዘለዓለማዊ ሕይወት ዝረኸብና እዩ። ቅ. ጳውሎስ ኣብ ዝተነበት መልእኽቱ ኣመስጊንካ ምኽኣል ጥቕሚ ከምዘለዎ ይገልጽ። ፩ያ ነቲ ምስኡን ኣብ ነነድሕድናን ርክብ ክህልወና ዝጸወዓና ኣምላኽ ክነመስግኖ፥ ፪ይ ነተን ሓምሽተ ነገራት ብፍላይ ኣብቲ ጽሑፍ ተዋሂበናና ዘለዋ ክነመስግን ይግባእ። ጸጋ፥ ሃብቲ፥ መንፈሳዊ ውህበት፥ሕድገት፥ እሙን ምኺን፥ ልዕሊ ኹሉ ነዚ ነገራት ክነመስግን ይምሕጸነና። እቲ እንገልግሎ ሕያዋይ ኣምላኽ መድኃኒና እዩ፥ ንሱ ነፍሲወከፍና ክንድሕን ንሓቂ ክንፈልጥ ይደልየና።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ ንሎሚ ዝተነበና ኢየሱስ ዓሰርተ ለምጻማት ከም ዘሕወየ ሰሚዕና። ኣብ ኩሎም ወንጌላውያን እንተ ረኣና ወላ ሓደ ታሪኽ ናይ ዘየመስግን ኣይንርእን። ዓሰርተ ለምጻማት ኣብ ኢየሱስ ቀሪቦም ምሓረና እናበሉ ብልቦም ለሚኖሞ ኢየሱስ ንዅሎም ኣሕውይዎም። ካብቶም ዓሰርተ ካብቲ ሕማቕ ሕማም ካብ ሰብ ተፈልዮም ንበይኖም ዝሳቐዩ ዝነበሩ ሓደ ጥራሕ ከም ዝሓወየ ምስ ፈለጠ ድምፁ ዓው ኣቢሉ ንኣምላኽ እናኣምስገነ ተመሊሱ። ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ተደፊኡ ኣመስጊንዎ። ኢየሱስ ብምግራም ከምዚ እናበለ ሓቲቱ ዝነጽሑ ዓሠርተ ደይኮኑን እቶም ትሽዓተ ደኣ ኣበይ ኣለዉ፥ ብዘይካ እዚ ኻልእ ዝዓለቱስ ንኣምላኽ ክብሪ ኺህብ ዝተመልሰዶ የልቦን? ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ተደፊኡ ዝነበረ ተንስእ እሞ ኪድ እምነትካ ኣሕውያትካ በሎ። ነዚ ለምጻም ዝገበሮ ከም ኣብነትና ገርና ክነመስግን ኣብ ኣምላኽ ንመለስ።

ምምስጋን ቀሊል ይመስል እንተኾነ ቀሊል ኣይኮነን፥ ካብቲ ከይነመስግን ዓጊቱ ሑዝና ዘሎ ክንወጽእ ጥራሕ ኣይኮነን ዝሓትት፥ ትሕትና ክንለብስ እውን ይሓትት እዩ። እዚ ናይ ወንጌል ታሪኽ ናይ እዞም ጠለምቲ ረሳዕቲ ለምጻመት ክነግር እንከሎ ንእና ዝሕብሮ ንሕና እውን ብቐሊል ኣብ ዘይምእማንን ክሕደትን ከንበጽሕ ከም እንኽእል እዩ። ምናልባት ኣካላዊ ሕማም ለምጺ ኣይንሳቐን ንሽውን እንተኾነ ንኣምላኽን ንሰናይ ዝገበሩልና ብዘይምምስጋና መንፈሳዊ ለምጺ ከም ዘሎና እዩ ዝሕብር። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ዘይምምስጋን፥ መንፈሳዊ ለምጺ ናይ ዘመና ሓባራዊ ኮይኑ ይርእ። ሓደ ኣብዚ ዓዲ ጽቡቕ ነገር ዘልኦም ንደቆም መጀመርያ ክልተ ነገር ይምህርዎም ንዝኾነ ነገር ክሓቱ ከለዉ በጃኻ ‘Please’ ክብሉን ከምኡ ንዝተገብረሎም የቐንየለይ Thank you ክብሉ። ዓበይቲ ግን ነቲ ኵሉ ዝሃበና ኣምላኽ ምምስጋን ንርስዖ ወይ ክነመስግን ኣይንደልን ገለ እዋን ከኣ ነቲ ዝተገብረልና ኣይንርእዮን። ዘሕዝን እዩ ብዙሓት ንኣምላኽን ነቲ ጽቡቕ ዝገበረሎም ከየመስገኑ ሱቕ ኢሎም ሓንቲ ከምዘይትገብረሎም ኮይኖም ክኸዱ ክትርኢ ከሎኻ።

መገዲ እምነት ግን ነቲ ዝተገብረልካ ምምስጋን ኣብኡ ኸኣ ዝያዳ ክትውሃብ ከም እትክእል እዩ ዝነግረና። እቲ ዘመስገነ ለምጻም ንኢየሱስ ከመስግን ምስ ተመልሰ ዝያዳ ረኺቡ ድሕነት ተቐቢሉ። ተንሥእ እሞ

ኪድ እምነትካ አውያትካ ተባሂሉ። ኢየሱስ አብ ሕይወትና አመስገንትን ሕጉሳትን ክንከውን እዩ ዝደሊ። አብ መወዳእታ ዝህበና ገዛእ ርእሱ እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ እቶም ካልኦት ትሽዓተ ድአ አበይ አለዉ ኣናበለ ዝሓተተ።

ክንገብሮ ዝድለ ዘሎ አብ አተሓሳስባና Copernican Revolution ክነተአታቱ አሎና። ክፔርኒኩስ ዝብሃል ብዛዕባ ከዋኽብቲ ዘጽንዐ ፖላንዳዊ ሊቕ እዩ፥ ንሱ ፀሓይ አብ ልዕሊ መሬት አይ ኮነትን እትዘውር መሬት እያ አብ ልዕሊ ፀሓይ እትዘውር ኢሉ አስተምሂሩ። ዘይምምስጋና ካብቲ ነገራት ካባና እዮም ዝወጽኡ ንሕና ኢና ንኹሉ እንገብር ኢልና ንአምላኽ አወጊና ንርእስና ማእከል ክንገብር ከሎና እዩ ዝመጽእ። አምላኽ አብ ዙርያና ከም ኩሉ ካልእ ነገራት ከም ዝዘውር ገርና ንሓስብ። እንተ ኾነ ንሓቂ ክንፈልጥ አሎና፥ አምላኽ ማእከልን ቀንዲ ነገርን ኮይኑ፥ ኵሉ ካብኡ እዩ ዝውሃበና፥ ነዚ ክንገብር እንተ ኸእልና ነመስግን አሎና ማለት እዩ።

ንአና ንአመንቲ ምምስጋን መዓልታዊ ግብሪ መልሲ እምነትና ክኸውን አለዎ። ንሓደ ውሉድ አምላኽ መዓልታዊ ሕይወቱ ክኸውን ይግባእ እምበር አብ ዓመት ሓደ ጊዜ እትገብሮ ወይ ምስ ጠዓመካ ጥራሕ እትገብሮ አይኮነን ክኸውን ዘለዎ። መዓልታዊ ካብ ልብና ዝነቐለ ንአምላኽ ክነመስግን ይግብአና።

ምምስጋና ምስተወሃብናና፥ ዝርአ ነገራት ምስረኸብና፥ ዘይኮነ ካብ ልቢ ዝነቅል ብባህርና ከም ሓደ ድምጺ እንህቦ እንገብሮ ክኸውን አለዎ። ምምስጋን ከም ሓደ ጽላሎት ካብ ዋንኡ ክፍለ ዘይክእል ከምኡ ካብቲ አምላኽ ዝህበና በረኸትን ጸጋታትን ክፍለ የብሉን። ምምስጋን ከም ዕምባባ ኵሉ ጊዜ ክዓብን ክጽብቕን ይግባእ።

ምምስጋን ልዕሊ ቃላት ክኸውን ይግባእ። ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና አውንታዊ ናይ አእምሮ ኩነት አብ አምላኽ ዘተኮረ እሞ በቲ ዝተገብረ ምምስጋን እዩ። ከምቲ ሓደ ዝበሎ ምምስጋን ጽቡቕ እዩ ግን አብ ምስጋና ምንባር ዝበለጸ እዩ።

አብ መወዳእታ ምምስጋን አብ ፍሉይ እዋን ጥራሕ ዝገበር ዘይኮነ ኩሉ ጊዜ ክነመስግን ግቡእ እዩ። ንርእስና ናይ ቅዱስ ቊርባን ሰባት ንብሃል እዚ ካብ ግሪኽ ዝተወስደ ቊርባን ዝብል ቃል ምስጋና ማለት እዩ። አብ መአዲ ቅዱስ ቊርባን እንገብሮ ጸሎተ አኮቴት ናይ ምስጋና ጸሎት ንብሎ። አብ ቅዳሴ እንገብሮ ንአምላኽ ናይ ምስጋና መስዋዕቲ ኘቕርበሉ። አብዚ ናይ ሎሚ መስዋዕትና እምብአር ነቲ ውሃብ ኵሉ ጸጋታት ዝኾነ አምላኽ አመስገንቲ ክንከውን ጸጋኻ ሃበና ንበሎ። ነቲ ኹሉ ዕለት ዕለት ዝህበና አምላኽ እናአምስገና ከምኡ አብ ገለ እዋን ንዝጓነፈና ፈተናን ክብደት ናብራን ርክባት ምስ ሰባትን ተመስገን ኢልና ክንክእል።

ንኹሉ አብ ኢድ አምላኽ አንቢርና ፍቓድካ ይኩን ክንብል እምበር ከይነንጸርጽር። ፈተና ክመጽአና ከሎ አምላኽ ስለ ዝጸልአና አይኮነን ብዝያዳ ክንብርትዕ ነቲ ጸጋኡ ብዝያዳ ክንልምን እሞ ምስኡ እሙናት ክንከውን ምእንቲ እዩ።

ኦ አምላኽ በቲ ኵሉ ዝሃብካንን እትህበኒ ዘሎኻ አመስግነካ አሎኹ እናበልና ንአምላኽና እምነትና ንግለጸሉ። ዘመስግን ዝርኢ እዩ እሞ ንፍቕርን ሓልዮትን አምላኽ ርኢና ንኽአል።ንኹሉ ዝሃብካና ተመስገን እናበልና ናይ አምላኽ ሰብን አመስገንትን ንኹን።

ነዚ የብቅዓና ብሩኽ ሰንበት

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ